# 20 ሰነ ዝኽሪ መዓልቲ ሰማእታት




*ግርማይ ዑቕባይ*

20 ሰነ መዓልቲ ስዉኣት፡ ንሰማእታትና ብሓባር ብዝለዓለ ኽብረት እንዝክረሉ ዕለት እያ። ብርሃን ናጽነት ንኽንርኢ፡ ኤርትራ ሃገርና ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ግቡእ ክብራ ንኽተረጋግጽ፡ ብኤርትራዊ መንነትና ንኽንኵርዕን ሰንደቕ ዕላማና ብሓበን ንኽተንበልብልን ዝበቓዕና ጀጋኑ ደቃ ምእንታና በጃ ስለ ዝኾኑ እዩ።

ዓሰርተታ ኣሽሓት ኤርትራውያን ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት እቲ ንኣስታት 60 ዓመታት ዝተኻየደ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝኸበረት ህይወቶም ወፍዮም እዮም። ናብ ብረታዊ ቃልሲ ዘምረሐ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣብ እዋኑ ደም ንጹሃት ኤርትራውያን ተኸፊልዎ'ዩ። እቲ ን30 ዓመታት ዝተኻየደ ዕጥቃዊ ቃልሲ፡ ናይ ልዕሊ 65 ሽሕ ህይወት ሓቲቱ። ናጻን ሉኣላዊት ሃገር ብምኳን ኣብ ዝጀመርናሉ እዋን ድማ፡ 19 ሽሕ ዜጋታትና ወራር ወያነ ኣብ ምምካትን ሉኣላውነትና ኣብ ምኽባርን ተሰዊኦም።

ሎሚ ዓመት መዓልቲ ሰማእታት፡ ኤርትራ ብቕልጽማ ንዘረጋገጸቶ ናጽነትን ብሕጊ ዘውሓሰቶ ሉኣላውነትን ንምግሃስ ብጸላእትናን ጕይቶቶምን ንዝተኻየደ ወተሃደራዊ መጥቃዕታት ኣፍሺልና፡ ቍጠባናን ናይ ምክልኻል ዓቕምናን ንምድኻም ኣብ ልዕሌና ንዝተጻዕነ ዘይፍትሓዊ እገዳ ከምኡ'ውን ንዲፕሎማስያዊ ተነጽሎ ኣበርዒንና፡ ድሙቕ ዓወት ብምምዝጋብ ኣብ ሓድሽ ምዕራፍ ሰላምን ምዕባለን ኣብ ዝኣተናሉ እዋን ትዝከር ኣላ።

***ታህዲድ ሓያላን ድምብርጽ ከይበለና፡ ሰማእታትና ንዝወደቐሉ ዕላማታትን መትከላትን ኣጽኒዕና ብምሓዝን ንሕድሪ ቓሎም ዕለታዊ መምርሒና ጌርና ኣብ ውሳነ ናጽነትና ብጽንዓት ስለ ዝመከትናን ኢና ከም ሃገርን ህዝብን ኣብ ጽኑዕ ረጊጽና ኣብ ትስፉው መድረኽ ዝበጻሕናን ንስጉም ዘለናን።***

***ዘይነጽፍ ምንጪ ሓይልናን ምስጢር ዓወትናን ሕድሪ ሰማእታትና እዩ። ን*20 *ሰነ መዓልቲ ስዉኣት ብርዝነት፡ መጐስን ክብርን ንሰማእታትና ክንዝክር እንከለና፡ ሎሚ'ውን ነቲ ዝተሓላለኸ ዞባውን ዓለማውን ኩነታት ብሓድነትን ጽንዓትን ገጢምና፡ ነታ ራእይ ሰማእታትና ዝኾነት ሓያልን ብልጽግትን ኤርትራ ንምህናጽ መብጽዓና ከነሕድስ ይግባእ።***

***ክብርን መጐስን ንጀጋኑ ሰማእታትና***

***ዓወት ንሓፋሽ*** !

20 ሰነ 2020